ሕጋዊ
ደገፍ
ስደተኛታት
(ኣር ኤል ኤስ)

Refugee Legal Support

Refugee Legal Support is a registered charity (no 1191680) in England and a non-profit company in Greece. IAA (Ref No. N202000126).

# <u>ናይ ብሬክሲትን ናይ ዳብሊንን ናይ ስድራቤት ዳግማይ ምውሃድ</u>

## *ብሬክሲት ማለት እንታይ ማለት እዩ?*

ብሬክሲት ዝብለ ቃል ኣብ 31 ጥሪ 2020 ዩናይትድ ኪንግደም (ዩኬ) ካብ ሕብረት ኤውሮጳ ወጺኣ ከም ዘላ ዝሕብር እዩ።

ዋላኳ ዩኬ ብ ዕለት 31 ጥሪ 2020 ካብ ሕብረት ኤውሮጳ እንተወጸት፤ ክሳብ ዕለት 31 ታሕሳስ 2020 ሓደ ናይ መሰጋገሪ እዋን ኔሩ እዩ። ኣብዚ ናይ መሰጋገሪ እዋን እዚ ናይ ዳብሊን ናይ ስድራቤት ዳግማይ ምውሃድ ኣይተቐየረን።

እዚ ማለት ድማ ካብ ግሪኽን ካብ ካልኦት ናይ ኤውሮጳ ሃገራት ናብ ዩኬ ዝግበር ናይ ስድራቤት ዳግማይ ናይ ምውሃድ መመልከቲ ክሳብ ዕለት 31 ታሕሳስ ከምቲ ቅድሚኡ ዝነበሮ ተቐባልነት ይረክብ ኔሩ ማለት እዩ።

## *ንዩኬ ዝቐርብ ናይ ስድራቤት ዳግማይ ምውሃድ መመልከቲ ቅድሚ ዕለት 31 ታሕሳስ 2020 እንተደኣ ኣቕሪበ እንታይ ይፍጠር?*

ቅድሚ ዕለት 31 ታሕሳስ 2020 ግሪኽ ነቲ ናይ ዑቕባ ጉዳይኩም መንግስቲ ዩኬ ሓላፍነቱ ክወስድ እንደኣ ኣመሓላሊፋቶ፤ እቲ ጉዳይ ብሕዲ ዳብሊን መሰረት ክሬኤ እዩ።

ይኹን ደኣምበር መንግስቲ ዩኬ ኣብ ውሽጢ ክልተ ኣዋርሕ መልሲ እንተዘይሂቡ፤ እዚ ማለት ተቐቢላቶ ኣላ ማለት ኣይኮነን፤ እቲ መመልከቲ ብድሕሪ እቲ ናይ ክልተ ወርሒ መስኮት ክትነጽጎ ትኽእል እያ።

ድሕሪ ዕለት 31 ታሕሳስ 2020 ናይ ምንጻግ ውሳኔ እንተ ተቐቢልኩም፤ ከምቲ ብቕድሚኡ ዝነበረ እንደገና ክረኤ ምሕታት ኣይከኣልን እዩ።

## *ብድሕሪ ዕለት 31 ታሕሳስ 2020 ዝመጸ ናይ ምንጻግ ውሳኔ ንምቅዋም እንታይ ክገብር ይኽእል?*

እቲ እንኮ ናይ ምብዳህ መገዲ ኣብ ናይ ዩኬ ኣብያተ ፍርዲ ምምሕዳራዊ  ተቓውሞ ምቕራብ እዩ። እዚ ሕጋዊ ብድሆ እዚ "ጅዩዲሻል ረቪው" ወይ "ሕጋዊ ዳግመ ርእይቶ" ይበሃል።

ጅዩዲሻል ረቪው ካብቲ ሓላፍነት ናይ ምውሳድ መመልከቲ ብዩኬ ዝተነጸገሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 3 ኣዋርሕ ክጅመር ናይ ግድን ይኸውን።

ጅዩዲሻል ረቬው ንምቕራብ፤ ብናይ ዩኬ ጠበቓ ዝወሃብ ሕጋዊ ምኽርን ሓገዝን ከድልየኩም እዩ። ብተወሳኺ ናይ ጠበቓ ወጻእን ናይ ቤት ፍርዲ ክፍሊትን ምእንቲ ከይትኸፍሉ ናይ ሌጋል ኤይድ መመልከቲ ከተቕርቡ ሓገዝ ከድልየኩም እዩ።

## *ንናይ ዩኬ ናይ ስድራቤት ዳግማይ ምውሃድ መመልከቲ ቅድሚ 31 ታሕሳስ 2020 እንተዘየቕሪበ እንታይ እዩ ዝኸውን?*

ብድሕሪኡ ብዳብሊን መሰረት ናይ ዩኬ ናይ ስድራቤት ዳግማይ ምውሃድ መመልከቲ ከተቕርቡ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ዩኬ ንዑቕበኛታትን ካልኦት ኣባላት ስድራቤቶም ናይ ዘምጽኡ ሰባትን ዝምልከት ናይ ገዛእ ርእሳ ሕግታት ኣለዋ።

ብመሰረት ናይ ዩኬ ሕጊ፤ ኣብ ገሊኡ ኩነታት ገሊኦም ናይ ስድራቤት ኣባላት ስድራቤቶም ኣብ ዩይኬ ንምምጻእ ናይ ቪዛ መመልከቲ ከቕርቡ ይኽእሉ እዮም።  እዞም መመልከቲታት እዚኦም "ኢንትሪ ክሊራንስ" ወይ "ናይ መእተዊ ፍቓድ"መመልከቲታት ይበሃሉ።

እዚ ኣብ ዩኬ ምስ ዝርከቡ ናይ ምውሃድ ካልኦት ዕድልላት ዘለዉኳ እንተኾኑ፤ ናይ ዩኬ ሕጊ ካብቲ ናይ ዳብሊን ስርዓት ጽንክር ዝበለ እዩ።

እዚ ማለት ዝወሓደ ቁጽሪ ኣባላት ስድራቤታት ከመልክቱ ይኽእሉ ማለት እዩ፤ እቲ መመልከቲ ንክዕወት ከኣ ጽንክር ዝበሉ መዐቀኒታት ኣለዉ ማለት እዩ።

### *ብድሕሪ ብሬክሲት ኣብ ዩኬ ናይ ስድራቤት ዳግማይ ምውሃድ መመልከቲ ንምቕራብ ኣር ኤል ኤስ እንታይ ክሕግዝ ይኽእል?*

ናይ ድሕሪ ብሬክሲት ናይ ይኬ ናይ ስድራቤት ዳግማይ ምውሃድ ዕድላት ብዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንክትረኽቡ፤ ብኽብረትኩም ናይ ኣር ኤልስ ኤስ ናይ ተደጋጋሚ ሕቶታት ናይ ሓበሬታ ወረቐትን ናይ ዩኬ ናይ ስድራቤት ዳግማይ ምውሃድ ካብ ፕሮጀክት ኤውሮጳን ተወከሱ።

**እዚ ሓበሬታ እዚ ብዕለት 16/03/2021 ዝተመሓየሸ እዩ*